## ስሙር ኤርትራዊ መኸተ ኣንጻር ናይ ክድዓት ጸለመ
## ብሰናይት ገብረሂወት መሓሪ
## ታሪኽ ናይ ሩዋንዳ/ኡጋንዳ ብስም ኤርትራ ኣብ ፊልም ክቕረጽ ኣይነፍቅድን

**መእተዊ**
ንሕና ኣብ ተሓኤ፡ ኣብ'ቲ ብቤት ትምህርቲ ኣር ወይ ድማ ቤት ትምህርቲ ጽባሕ ዝፍለጥ ዝነበረ ቤት ትምህርቲ: ከም ጽባሕ፡ ከም ኣለይትን ኣመሓደርትን ዝነበርና ሰባት፡ ብዕለት 16.12.206 ኣብ ከተማ ፍራንክፉርት ሃገር ጀርመን ኣኼባ ብምክያድ፡ ኣንጻር'ዚ ንመንነትናን ታሪኽናን ዘዋረደን ዘመራስሐን ጽሑፍ፡ ሕጋውን ፖለቲካውን መኸተ ክንገብር ተበግሶ ወሲድና ኣሎና። እዚ ተበግሶ'ዚ ውዱብ ብዘይኮነ ኣገባብ ድሮ ክነጥፍ ጸኒሑ'ዩ። ሎሚ፡ ሓንቲ ነዚ ንጥፈታት እተወሃህድ ሽማግለ ካብ ውሽጥና መዚዝና፡ ብውዱብ መንገዲ፡ ዝያዳ ኣድማዒ ስራሕ ከነሰላስል ወሲና ኣሎና። ብተሳትፎ ናይ ኩሎም ተጣበቕቲ ናይ'ቲ ምዕቡልን ወረጃን ታሪኽ ገድልና ከኣ እቲ ሓቂ ክግለጽን ሓሶት ክፈኩስን ምኽኑ ጥርጥር የብልናን። በዚ ኣጋጣሚ፡ ኩሉኹም ግዱሳት ኤርትራውያን ዋላ'ውን ተመክሮ ኣተሓሕዛ ቀልዑ ኣብ ተሓኤን ህግሓኤን እትፈልጡ ወጻእተኛታት፡ ሓቂ ክትምስክሩን ድምጽኹም ከተስምዑን፡ ኣድላይ ዘበለ ምድግጋፍ ክትገብሩን ንጽውዕ። እቲ ውራይ ናይ ኩሉ'ዩ'ሞ!

ብመሰረት ሰሪዕናዮ ዘሎና መደብ፡ ሎሚ፡ ንትሕዝቶ ናይ'ቲ ብስም ሰናይት መሓሪ ዝተጻሕፈ "ፎየር ሀርዝ" ዝርእስቱ መጽሓፍ (ንገለ ካብ ኣገዳሲ ክፍልታቱ) ናብ ትግርኛ ብምትርጓም ንኣንበብቲ ነቕርብ ኣሎና። እዚ ጽሑፍ'ዚ ዝኾነ ሰብ ኣራቢሑ ክዝርግሖን ናብ ካልእ ቋንቋ ተርጒሙ ንካልኦት ኣንበብቲ ከብጽሖን ፍቑድ ምኻኑ ከኣ ኣቐዲምና እናፍለጥና ርእይቶታትኩም በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትልእኩ ከም ትኽእሉ ንሕብር፡-

Tsebah1977@yahoo.de

ህያው መሰኻኽር ቤት ትምህርቲ ጽባሕ
ኣወሃሃዲት ሽማግለ
ሃገር ጀርመን

ሰናይት ገብረሂወት መሓሪ ዝስማ፡ ብትውልዳ "ሓንፈጽ ናይ ኤርትራን ኢትዮጵያን" ምዃና እትገልጽ፡ ብቋንቋ ጀርመን "ፎየር ሀርዝ" ዝርእስቱ (ብትግርኛ እሳት ልቢ) መጽሓፍ ጽሒፋ፡፡ እዚ ብዙሕ ኤውሮጳዊ ቋንቋታት ተተርጒሙ ናይ ብሚልዮን ዝቁጸር ደቂ ገርሂ ልባ ኣንበብቲ ዝመሰጠን ዘስካሕከሐን መጽሓፍ፡ ሰማይን ምድርን ብዘጣብቕ ሓሶታት፡ ንህዝቢ ኤርትራን ሃገራዊ ነጻነታዊ ቃልሱን ዘነውር፡ ንወረጃ ባህልታቱ ዘመራስሕ፡ ንእምነታቱን ሃይማኖታቱን ዘስተናዕቕ፡ ንተቓለስቲ ውድባቱን ሓርበኛታት ደቁን ብገበን ዝኽሰስን ንዝኸፈሎ መስዋእትነት ዋጋ ኣልቦ ዝገብርን ኮይኑ ኢዩ ቀሪቡ፡፡ ካብ ኤርትራ ሓሊፉ'ውን ንምሉእ ኣፍሪቃ ኣልሚሙ ዘዋርድ ኢዩ፡፡

ሰናይት ኣብ'ዚ ናይ ጸለመ መጽሓፋ'ዚ፡ እቲ ን30 ዓመታት ዝተኻየደ ሃገራዊ ነጻነታዊ ቃልሲ፡ ትርጉም ዘይብሉ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብስም ነጻነት ዝተኻየደ ባርባራዊ ሽፍትነት ከምዝነበረ ኣምሲላ ኢያ ኣቕሪባቶ፡፡ ኣብ መጽሓፋ'ዚ ዘተኮረትሉ ሓሶት፡ ብሓፈሽኡ ሃገራውያን ውድባት፡ <u>ተ.ሓ.ኤ. ኮነ ህ.ግ.ሓ.ኤ.፡ ኣብቲ ብስም ነጻነት ዘካይዳኦ ዝነበራ ውግእ ሓልዮት ናይ ህዝቢ ስለዘይነበረን፡ ንህጻናትን ትሕተ-ዕድመ መንእሰያትን ብግዲ ኣሰሊፈን ብዘይእኹል ወተሃደራዊ ታዕሊም ናብ ሞትን ህልቀትን ይልእኻ ምንባረን'ዩ፡፡</u> ሰናይት ኣብ መጽሓፋ፡ ኣብ ህ.ግ.ሓ.ኤ. "ቀያሕቲ ዕንባባ"፡ ኣብ ተ.ሓ.ኤ ድማ "ኾኾብ ጽባሕ" ከምኡ'ውን "ቾትቬራ" ዝስመያ ናይ ህጻናት-ዓሳክር ብርጌዳትን ሓይልታትን ምንባረን ትገልጽ፡፡ እቶም ኣብ'ዘን ውድባት መገብቲ መዳፍዕ ዝገበረኦም ዕሽላት ድማ፡ ይትረፍ ዕላማ ናይቲ ን30 ዓመታት ዝተኻየደ ውግእስ ትርጉም ናይቲ ተሓኤ/ህግሓኤ (ELF/EPLF) ዝብሉ ፊደላት'ውን ዘይፈልጡ ምንባሮም ትገልጽ፡፡

ሰናይት ኣብዚ 350 ገጻት ዝሓዘ ብሓሶት ጀሚሩ ብሓሶት ዝፍጽም መጽሓፋ'ዚ፡ ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ብዛዕባ ናይ ህጻንነት ተመኩሮኣ ከም ወተሃደር ናይ ጀብሃ፡ ከም ኣባል ናይ ጽባሕ-ቸጉቬራ ኢያ እተዘንቱ፡፡ እዚ መጽሓፍ'ዚ ኣብ ጀርመን ዓቢ ኣድናቖትን ሰፊሕ ተነባብነትን ስለ ዝረኸበ'ውን ድሮ ኣብ ካልእ ናይ ኣውሮጳ ቋንቋታት ማለት፡ እንግሊዝ፡ ፈረንሳ፡ሽወደንን ሆላንድን ጥልያንን ተተርጒሙ ምህላዉ ፈሊጥና፡፡

ሰናይትን እቶም ንሓሶታታ ብውሑድ ኣይሮ ዓዲጎም ብስማ ሚልዮናት ዝኸሰቡ ጎይቶታን ብዋጋ ህዝቢ ኤርትራ ገንዘብ መቂርዎም፡ መቐጸልታ ናይቲ ግዕዘይ ዝኾነ ቀዳማይ መጽሓፍ፡ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ጉንበት 2006 ጀሚሩ ዝተዘርግሐ፡ "ናይ ምድረበዳ መዝሙር" ብዝብል ኣርእስቲ ካልእ መጽሓፍ ኣዳልዮም ኣለዉ፡፡ እዚ ጥራይ ከይኣኽሎም ሕጂ ውን ነዚ ግዕዘይ ዝኾነ ኣጻላሚ ናይ ፈጠራ ዛንታታት፡ ከም ሓቂ ኣምሲሎም፡ ኣብ ፊልም ቀሪጾም፡ ኣብ ምሉእ ዓለም ክዝርግሕዎ ስራሓቶም ጀሚሮም ኣለዉ.፡፡

ናይ ሰናይት ናይ ጸለመ መጻሕፍቲ ቀንዲ ትሕዝቶታት ዋላ'ኳ ብትግርኛ ብኸፊል ተተርጒሙ ብሕጋዊ መኸተታትን ሓቀኛ መርትዖታትን ተሰንዩ ብጽሑፍ ደረጃ ክዝርጋሕን ከምኡ'ውን መኸተና ብውሑዱ ብቋንቋ ጀርመን ተተርጒሙ ክቐርብን እንተኾነ፡ ንግዚኡ ኣብ ናይ ሎሚ ጽሑፍና ነቲ ቀንዲ ቀንዲ ሓሶታት ጸሚውቕና ከነቕርቦ ኢና፡፡

## ሰናይት ብዛዕባ ኣወላልዳኣን ናይ ሕጻንነት ዕድሚኣን እንታይ ተዘንቱ?

--"ስድራቤት ናይ ኣቦይ ካብ ዓዲ ቀይሕ ዝተባህለ ከተማ ዝመበቆሎም ኤርትራውያን፡ ስድራቤት ናይ ኣደይ ድማ ኣዲስ-ኣበባ ዝመበቆሎም ኢትዮጵያውያን ነበሩ፡፡ ኣብቲ ዝተወለድኩሉ እዋን ድማ፡ ዋላ'ኳ ኤርትራ ኣካል ኢትዮጵያ እንተነበረት ኣብ መንጎ ክልቲኡ ህዝብታት ብርቱዕ ጽልኢ ስለዝነበረ ሓንፈጽ ናይ ክልቲኡ ኰንካ ምውላድ ውርደት ንወላዲ፡ ውርደት ንኣደ ከምኡ'ውን ውርደት ነቲ ዝውለድ ቆልዓ ይሕሰብ ብምንባሩ፡ ኣደይ በዚ ዝኣክል ካብ ዝወረዳ ጭንቀት ክትገላገል ንዓይ ክትቀትለኒ ብምሕሳብ ኣብ ባልኛ ዓጽያትኒ ከይዳ። እዚ ዝተዓዘባ ጎረቤት ፖሊስ ጸዊዐን ኣድሒነናኒ፡ ኣደይ ናብ ቤት ማኣሰርቲ ኣነ ድማ ናብ መዕቆቢ ዘኽታም ተዋሂበ፡፡"
--ብዛዕባ"ቲ ኣብ መዕቆቢ ዘኽታም(ጎዳይፍ) ከምኡ ውን ድሒሩ መዕቆቢ ዘኽታም-ካምቦኒ ዘሕለፈቶ ሂወት ክትገልጽ ከላ ካብ ዘቕረበቶ ማእለያ ዘይብሉ ናይ ጸለመ ሓሶታት ገለ ከም ዝስዕብ ይብል፡-

--እተን ኣለይትና ደናግል ወግሐ-ጸብሐ "ንኣናብስ፡ ኣዛብእ፡ ኣእዋም ከምኡውን ኩሉ ኣባይቲ ዝፈጠረልና መራሒና መንግስቱ ሃይለማርያም ኢዩ" ይብላና ነበራ፡ ካብዚ ሓሊፈን ቃል ብቓሉ "ኣምላኽና መንግስቱ ሃይለማርያም ኢዩ" ይብላ ምንባረን ትገልጽ ሰናይት፡☹(*ብሓቂ,ዶ እዚ ካብ ሰናይት ዝመንጨወ ሓሳብ ኢዩ?.........እንድዒ,ኸ!)* ይትረፍዶ ኤርትራውያን ደናግልን ምእመናንሲ ዋላ ኢትዮጵያውያን ኣባላት ኢሰፓን ካድረታትን'ውን እንተኾኑ ንህጻናት ቆልዑ ቃልብቓሉ "ኣምላኽና መንግስቱ ሃይለማርያም ኢዩ" ኢሎም ክሰብኩ ተሰሚዑ ዘይፈልጥ ሓሶት ኢዩ፡፡
"ይዕበ ይንኣስ በደል ምስ እንብድል ሓደ ካብ መቕጻዕትና ኣብ ድሕሪ'ቲ ንነብረሉ ዝነበርና ህንጻ ዝነበረ ናይ ቃንጫ ሸኮር ዘራእቲ (ቃንጫ ሸኮር ዶ ኣብ ኤርትራ ይዝራእ ኢዩ?) ተወሲድና በቲ ቢያንቶኒ ክንውቃዕ ኢዩ፡፡ እቲ ብያንቶኒ ግና መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ክንዲ ዝገርፈና ጥራሕና ኣውጺኡ ኣብ ብልዕትናን ኣብ ናቱ ብልዕትን እናደራረዘ ናይ ብዕልግና ስራሕ ኣብ ልዕሌና ይፍጽም ነበረ፡፡ እዚ ድማ ካብ መግረፍቲ ዝኸፍአ የሳቕየኒ ነበረ..." ትብል። (እዚ ብዕሉግ ባህሊ'ዚ ሓሓሊፉ ብገለ ብዕሉጋት ሰባት ኣይርኣይን እኳ እንተዘይበልናስ ኣብ'ቲ ሰናይት ነይረዮ ትብሎ ዘላ ቦታን ብኸምኡ ደረጃ ክዝውተርን ዝእመን ኣይኮነን)፡፡
--ብዛዕባ ካምቦኒ ብዝምልከት ድማ ",,,, እቲ ካምቦኒ ዝተባህለ ሰብኣይ ቆልዑ ከም ዝፈቱ በተን ደናግል ይንገረና ነይሩ። ኣነ ግን ካምቦኒ ንጸዓዱ ካብ ጸለምቲ ኣፍሪቃዊያን ንላዕሊ ከም ዝፈቱን ከም ዘዳሉን ኢየ ዝፈልጥ፡ ምኽንያቱ ኣብ ካምቦኒ ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን እቶም ጻዓዱ ቆልዑ ካብቶም ኣፍሪቃውያን ንላዕሊ ሓለፋታት ነይሩዎም፡፡ እቲ ንሳቶም ዝጻወቱሉ መጻወቲታት፡ ሰለል ፡ ሰረገላታት ብሽክለታታት ንሕና ጠንቀስ ኢልና ክንትንክፎ'ኳ ኣይ

ፍቀደልናን ነይሩ፡፡ ካብኡ ሓሊፉ እቶም ጸዓዱ ንዓና ይፍንፍኑናን ይንዕቁናን ነይሮም፡፡ ንዓይ ክሳብ ቁማል ካብ ርእሰይ ኣውጺኤ ክበልዕ ኣገዲዶሙኒ,,,,,” ትብል፡፡

## ሰናይት ኣስዒባ ብዛዕባ ወለዱኣ ክትገልጽ ከላ ከምዚ ትብል

“….. ኣብ ከባቢ 5 ዓመት ዕድመይ እንዳ ኣባሓጎይ ካብ ካምቦኒ መዕበይ ዘኸትም ኣውጺኦም ናብ ማይ ተመናይ ዝተባህለ ዞባ ኣብ ኣስመራ ምሳኦም ክቕመጥ ገበሩ… እንዳ ኣባሓጎይ ኣይሁዳውያን ነይሮም ናብ ተዋህዶ ዝተመልሱ ምሁራት ክርስትያን ኢዮም፡፡ ዓባየይ ቋንቋ እብራይስጥ ትፈልጥ ስለ ዝነበረት ኣነ'ውን ካብኣ ብዙሕ ተማሂረ፡ በዓላት ናይ ክርስትያን ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ኣይሁድ በዓል'ውን ነብዕል ነበርና…….” ትብል። ቀጺላ ድማ እንዳ ኣቦሓጎይ ንጥምቀት ብዙሕ ክብረት ስለዝህብዎ ከጠምቑኒ ኣብ ዝመደብሉ ኣብ ማንም ቤተክርስትያን ዘይኮነስ ኣብታ ናይ ክርስትና ማእከል ዝኾነት ቅድስቲ ከተማ የሩሳሌም ወሲዶም ኣጠመቑኒ፡፡ ካብቲ ግዜቲ ጀሚሩ ድማ ነቲ ሳባ ዝብል ዝነበረ መጸውዕየይ ተቐይሩ ሰናይት ተበሃልኩ፡… እዚ ስም እዚ ካብቲ 10 ታእዛዛት ዝተዋህበሉ ቅዱስ ዝኾነ ከረን ሲና ዝመንጨወ ኢዩ”፡ ትብል።☹ ይትረፍ ዶ ሓደ ተራ ኤርትራዊ እቶም “ዘእምነገደ ይሁዳ” ዝብሉ መሳፍንትን ነገስታትን ናይ ኢትዮጵያ'ኳ ደቆም ኣብ እዮርሳሌም ኣጠሚቖም ዝብል ታሪኽ ተሰሚዑ ኣይፈልጥን።

## ገለ ካብ'ቲ ሰናይት ብዛዕባ ተመኩሮኣ ኣብ ተ.ሓ.ኤ ክትገልጽ ከላ ዘቕረበቶ ማእለያ ዘይብሉ ሓሶታትን ሕሱር ጸለመታትን ብኸም'ዚ ክጽሞቕ ይከኣል

--ኣቦኣ ኣቶ ገብረሂወት መሓሪ ኣብ ጀብሃ ኣብ ዝነበረሉ ንሰናይት ካብ እንዳ ኣቦሓጎኣ ብዘይፍቓዳ ተጨውያ ክትጽንበሮ ከም ዝገበረ፡ ኣብ ትሕቲኡ ምስ ኣተወት ድማ ካብ ኩለን ኣሕዋታ ንላዕሊ ኣዝዩ ይጸልኣን ብጭካነን ብዘይዕረፍትን ይወቕዓ ምንባሩ፡ ከም ውላዱ ዘይኮነ ከም ኣገልጋሊት ግዝእቲ ባርያ ካብ ኣስመራ መንዚዑ ብቕትለት ኣፈራሪሑን ኣገዲዱን ኣብ 6 ዓመት ዕድሚኣ ንጀብሃ ከም ዘረከባ።

--ንሳ ኣብ ብርጌዳት ናይ ጽባሕ (ሓይልታት ቸጉቬራ) ብዕድሚኣ ዝነኣሰት ክንሳ ካብ ጊላነት ዘይፍለ ሰፍ ዘይብል ናይ ጉልበት ስራሓት ክትሰርሕ ትግደድ ምንባራ (ዕንጨይቲ ምስካም፡ ማይ ብጀረካን ምውራድ፡ ዒላታት ምፍሓር፡ ሬሳታት ናይ ኣብ ውግእ ዝሞቱ መንእሰያትን ቆልዑን ኣብ መደበር ምቕባር…ወዘተ)

--ኣብ'ቲ መደበር ኣብ ዝነበረትሉ እንተበዝሐ ንመዓልቲ ሓደ ግዜ ብዝተረፈ ግና ኣብ ነፍሲወከፍ ክልተ መዓልቲ ወይ ሰለስተ መዓልቲ ጥራይ መግቢ ትረክብ ምንባራ፡፡ ብክቱር ጥሜት ዝኣክል ቆጽልታትን ዝኾነ ዓይነት ሱርን ማእሪራ ትበልዕ ምንባራ፡ ክሳብ'ውን ትርኩስ ሓመድ (በለቕ) ዝበልዓትሉ ግዜ ምንባሩ፡፡ ከምኡ'ውን ብክቱር ጽምኢ ዝኣክል ንሳን ኣሕዋታን ኣብ ውሽጢ ናይ ላምፓዲና ባተሪ ዝርከብ መለግለግ ዝብል ነገር ኣፈን ኻኸተርክሰለን ከም ማስቲካ ከምዝሓየኽኣን በዚ'ውን ሰናይት ኣብ ሕማም ከም ዝበጽሐት፤ ካልኦት ኣባላት ብርጌድ ናይ ጽባሕ-ቸጉቬራ ብጥሜት ዝኣክል ኣናጹ፡ መንካዕ፡ ሓሾኹን ለመምታታትን ሃዲኖም ክበልዑ ብዓይና ከም ዝረኣየት፡፡

--ኣብ 6/7 ዓመት ዕድሚኣ ካላሽንኮፍ ምስ ምሉእ ካዝናታቱ ተዓጢቓ ናይ ቶኽሲ ልምምድ ክትገብር ከም ዝተገደደት፡፡

--ተሓኤ ብ ህ.ግ. ተሳዒራ ሰራዊታ ካብ ከባቢ 20 ሽሕ ናብ ከባቢ ሓደ ሽሕ ኣብ ዝወሓደሉ ፡ንሳን ካልኦት ኣባላት ቸገቬራን ንጀብሃ ንምድሓንን ካብ ጥፍኣት ንምክልኻልን ቀንዲ ሓይልታት ኮይኖም ናብ ውግእ ምስታፎም። ንባዕላ ሰናይት ኣብ ቅድመ-ግንባር ተሰሊፋ ጠያይት ተቀባብል ምንባራ፡፡

--ኣብ ኵናት ሓድሕድ ቁጽሪ ዘይብሎም ኣባላት ጽባሕን ቸጉቬራን ከምዝሞቱን ንሳ ምስ ካልኦት ቆልዑ ብሓባር መዓልቲ መዓልቲ ሬሳታት ኣብ ከባቢ መደበር ይቐብሩ ምንባሮምን ትገልጽ፡፡

--ኣብ መደበር ጽባሕ ኣብ ዝነበረትሉ ብዙሓት ቆልዑን ትሕቲ ዕድመን ካብ መደበር ክትሃድሙ ፈቲንኩም፡ ብረት ንሃረንደዋ ሸጥኩም ብዝብል ክሲ ንሞት ተፈሪዶም ኣብ ቅድሚ ኩሎም ኣባላት ጽባሕ ብትእዛዝ “ኢጋወጋሕታ” ክርሸኑ ብዓይና ከምዝረኣየትን ድሕሪ ምርሻኖም ብጣቒዒትን ጭርሖን ሓጎሶም ክገልጹ ምግዳዶምን፡፡

--ኣብ መደበር ጽባሕ-ቸጉቬራ ብሰንኪ ዝናብ ምቁራጽ ድርቂ በርቲዑ ብማይ ጽምኢ ተሳቕዮም ኣብ ዝነበሩሉ ካብቶም ክርስትያን ንሳ ንበይና ብሕቡእ ትጽሊ ምንባራ፣ እቶም ኣስላም ተኣኪቦም ክሰግዱ ከምዝረኣየት፣ ገሊኦም ድማ ናብ ኣማልኽቲ (ጣኦታት) ዘምልኹ ናብ ኣእዋም፣ ናብ ኣኻውሕ ..ወዘተ ክሰግዱን ክጽልዩን ከም ዝረኣየት፡፡
--ጀብሃ ማርክሰ-ለኒናዊ ስነሓሳብ ስለ ትኽተል ሃይማኖት ከም ዘይተተባብዕ፡፡ ካብዚ ሓሊፉ ኣጋወጋሕታ (ሓንቲ ካብተን ላዕለዎት ሓለፍቲ ናይቲ መደበር) ሰናይት ምስ ብጾታ ብዛዕባ ኣምላኽ ከተዕልል ምስ ሰምዓታ "ኣምላኽ፣ ኣምላኽ ኣይትበሉ ኣምላኽ ሰብ ኢዩ ፈጢርዎ፣ ኣምላኽ የለን፣ ንሕና ባዕልና ኢና ናይ ዕላማና ኣማልኽቲ ,,,,,," ኢላ ከም ዝገንሓቶም፡፡
--ብዙሓት ካብተን ምስኣ ዝነበራ ኣዋልድ እንተስ ብፍቶተን እንተስ ብዓመጽ ይጠንሳ ምንባረን ምስ ወለዳ ግን ነቶም ህጻናት "..ወይ ይቐትላኦም ወይ ድማ ኣብ ገሊኡ ደርብየናኦም ይምለሳ" ትብል ሰናይት፡፡
--ብዓሶ (ማላርያ) ተጠቒዓ ደኺማ ደቂሳ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን ሰለስተ ኣባላት ጽባሕ ብሓባር ተቓሊሶም ብዓመጽ ከም ዝተጋሰስዋ ብዕድል ግና ድንግልናኣ ክፍርስዎ ዘይምብቀዮም..,,,,,,,,..,,,ወዘተ፡፡
--እታ ዝነበረትላ ናይ ቸጉቬራ ኣሃዱ ብሓባር ምስ ዕብይ ዝበሉ ኣባላት ካብ መደበር ወጺኣ ኣብ ከባቢኦም ዝነበረ ቁሸት ኣትዮም ካብ ኣረግቶት ኣንስቲ ብሓይሊ ኣጣል መንዚዖም ከም ዝበልዑ፡፡

<u>ሰናይት ነቲ ካብ ሚኣቲ ሽሕ ንላዕሊ ስውኣት ዝተኸፍለሉ ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልስና ከተማራስሖን ከተጸልሞን ከላ ደጋጊማ ካብ ዝሃበቶም መግለጺታት ገለ ከምዚ ዝስዕብ ክጥቀስ ይከኣል</u>፣
--"...ብስም ነጻነት ኤርትራ ዝተኻየደ ሽፍትነት....."" ብስም ትርጉም ዘይብሉ ነጻነት ዝተኻየደ ነፍሰ ህልቀት....."
--"....ኣብ ኤርትራ ገለ ወለዶታት ብዘይካ ምውጋእ ካልእ ክእለት ስለ ዘይነበሮም ነፍሶምን ስድራቤቶምን ንምዕንጋል ካብቲ ውድባቶም ዝህባኦም ቁንጣሮ ደሞዝ ወይ ዓስቢ፣ ዘሚቶም ዝረኽብዎ ንብረት፣ ከምኡ ውን ካብቲ ንህዝቢ ተባሂሉ ካብ ገቢረ-ሰናይ ማሕበራት ናይ ኤውሮጳ ዝመጽእ ሓገዛት ይነብሩ ነይሮም"
ሰናይት ኣብ መጽሓፋ ብዛዕባ ባህልን ማሕበራዊ መነባብሮን ህዝቢታት ኣፍሪቃ ብሓፈሻ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ብፍላይ ብምስትንዓቕ ኢያ ኣቕሪባቶ። ገለ ካብቲ ደጋጊማ ዝጸሓፈቶ፡-

--"ኣብ ኤርትራ፡ ብሓፈሻኡ ኣብ ኩሉ ኣፍሪቃ ንቆልዑት ብዘይ ንሕስያ ምህራም ከም መሰረታዊ ኣገባብ ኣተዓባብያ ቆልዑ ኢዩ ዝውሰድ..."
--"ኣብ ኤርትራ ነፍሲ ወከፍ ሰብኣይ ንደቁን ንሰበይቱን ይወቅዕ፣ ነፍሲወከፍ ሰበይቲ ድማ ንደቃ ትወቅዕ፡... <u>ዕላማ ናይቲ መግረፍቲ ድማ ንቆልዑት ከይሓቱ፣ ርኢቶኣኦም ከይህቡ፣ ምእዙዛት ከደምቲ ወይ ባራዩ ናይ ወለዶም ንምግባሮም ኢዩ።" ትብል።</u>

ሰናይት ኣብቲ ካብ 12.06.2006 ኣትሒዙ ኣብ ዕዳጋ ዝወረደ "ናይ ምድረበዳ መዝሙር" ዘርእስቱ ካልኣይ መጽሓፋ ዘተኩወረትሉ፡ ኣብ 2004 ዓ.ም ናብ ኤርትራ በጺሓ ዝገበረቶ ትዕዝብታት ኢዩ፡፡ ኣብዚ መጽሓፍ'ዚ ዘዘንተወቶ ዛንታታት ብቀጥታ ኮነ ብተዘዋዋሪ <u>"እቲ ገድሊ ብሽፋቱ እቲ መንግስቲ'ውን ናይ ሽፋቱ"</u> ዝብል ስነሞጎታ ንምጽዳቕ ዘገልግል ኢዩ፡፡ ነዚ ስነሞገት'ዚ ንምርግጋጽ ካብ ዘቕረበቶ ጸለመ "..ደርጊ ተሳዒሩ ህ.ግ. ንኤርትራ ኣብ ዝተቆጻጸረትሉ እዋን (1992/93) ብዙሓት ቆልዑት ደቂ 6-7 ዓመት ዝዕድሚኦም ኣኪባ ብዘይ ንሕስያ ከም ፈተሽቲ ኣኻልብ ፈንጂታት ክኣርዩ ከም ዘገደደቶምን ኣብዚ ፍተሻ ናይ ፈንጂ ድማ ብዙሓት ከም ዝሞቱን ከም ዝቖሰሉን ትገልጽ፡፡ ሰናይት ነዚ ሓበሬታዚ ካበይ ኣምጺኣቶ ንዝብል ሓታቲ <u>"... ሓንቲ ንባዕላ ኣብዚ ናይ ፈንጂ ፍተሻ ሓደ ኢዳ ዝተቖርጸት ጎርዞ ኣብ ሃኖቨር ዝተባህለ ከተማ ጀርመን ብዛዕባ መጽሓፈይ መግለጺ ኣብ ዝሃብኩሉ ግዜ ተረኺባ ምሳኣ ኣብ ዝገበርኩዎ ነዊሕ ዝርርብ ገሊጻትለይ"</u> ትብል።

ሰናይት ኣብ መጽሓፋ ዘስፈረቶ ሓሶታትን ግዕዘይ ዝኾነ ጸለመታትን እርይ ቁጽር ኣቢልካ ክዝርዘር ኣይከኣልን፡፡ <u>እቲ ዝኸፍአ ድማ ነዚ ሰናይት ቶግ ኣቢላ ዝመህዘቶን ጎይቶታ ካብ ዝተፈላለዩ ፊልምታት ደኹን መጻሕፍቲ ዝኣራረይዎ ሓበሬታታት ናይ ካልእ ዓለምን ኤርትራዊ መልክዕ ኣትሒዛ ዘቕረበቶ ናይ ሓሶት መጽሓፍን ተሞርኪሶም ሓደ ናይ ራዕዲ</u>

**ፊልም ብምስራሕ ኣብ ምሉእ ዓለም ዘርጊሖም ብዋጋ ታሪኽ ተጋድሎናን ሓርበኛዊ መስዋኣተነትናን ከምኡ'ውን ብዋጋ እሩምን ጽፉፍን ባህልታትን እምነታትን ህዝብናን ክነግዱ ተዳልዮም ምህላዎም ኢዩ።**

ኣብ ዓለም ብዙሕ ክፉእ ገበናት ኣብ ልዕሊ ህጻናት ቆልዑትን ዓቕመ-ኣዳም ዘይበጽሑ መናእሰይን ጎራዙን ተፈጺሙን ይፍጸም ምህላዉን ቅሉዕ ምስጢር ኢዩ። ሂትለር ኣብ ልዕሊ ቆልዑ ኣይሁዳውያን ኮነ ካልኦት ተቓወምቲ ዝፈጸሞ ገበናት ከምኡ ውን "ናይ ሂትለር መንእሰያት" ብዝብል ስያመ ብጽልእን ዓሌታውነትን ጀርመናዊ ትምክሕትን ኣእምሮኦም ኣስኪሩ መሳርሒ ናይቲ ፋሺሽታዊ ናይ ወራር ውግእ ገቢርዎም ኢዩ። ብተመሳሳሊ መንገዲ ህጻናት ቆልዑ ኣብ ካምቦድያ፥ ኣብ በርማ፥ ኣብ ኡጋንዳ ፥ላይበርያ፥ ኣብ ኣንጎላ (ብበልጁም ኮነ ፖርቱጋል ዝተደገፉ ተቓወምቲ) ኣብ ኒካራጓ (ኮንትራ)..ወዘተ መገብቲ-መዳፍዕ ኮይኖም ኢዮም። ኣብ ከብዲ ኤውሮጳውን ኤውሮጳ'ውን እንተኾነ፥ ኣብነት ጀርመን ፥ ዋላ'ኳ ከምቲ ናይ ካልእ ሃገራት ቆልዑ ኣብ ውግእ እንተዘይተላእኩ፥ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ካብ 40ሽሕ ንላዕሊ ህጻናት ቆልዑትን ዕሸላት መናእሰይን ብወለዶም፥ ብኣዝማዶም ከምኡውን ብካልኦት ገበነኛታት ጾታዊ ዓመጽ ዝካየደሎም፥ ዝቕተሉ፥ ብጥሜትን ባርባራዊ መግረፍትን ዝሳቐዩ ምህላዎም ብወግዒ ዝግለጽ ሓቂ ኢዩ። ብመንጽር,ዚ ሓቅታት ንሕና ኤርትራውያን ድኽነት ናይ ገንዘብ እንበር ኣብ ልዕሊ ደቅና ናይ ሕልናን ናይ ልቦናን ናይ ባህልን ግብረገብነትን ድኽነትሲ የብልናን። ሓሓሊፉ ዝረኤ ጉድለታት እንተሃልዩ ድማ ሕብረተሰብ ኤርትራ ብደቂ-ኣዳም'ምበር ብመላእኽቲ ዝቖመ ስለዘይኮነ ከጋጥም ግድን ኢዩ።

በዚ መሰረት፥ኣብቲ 30 ዓመት ምሉእ ዝተኻየደ ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንዕሸል ቆልዑትን ኮተቴንሲ ይትረፍ፥ ንመንእሰያትን ኣባጽሕን እኳ ውድባት ኤርትራ ንሸኻትኩም ነኣሽቱ ኢኹም "ኩንታል በሊዕኩም ደልዲልኩም ምጹና" እናበላ ናብ ስድራኦም ዝመልሳሉ ዝነበራ ጊዜ ነይሩ ኢዩ። እቲ ቃልሲ እናነውሐ፥ እቲ ውግእ'ውን እናጻዕጸዐ ኣብ ዝመጸሉ ዋላ'ኳ ክልቲኤን ውድባት ኤርትራ ኣብ ሓድሕደን ኮነ ምስ ጸላኢ ብምቅድዳም ሓሓሊፈን ብኣስገዳድ የሰልፋ እንተነበራ፥ እዝስ ንዓቕመ ኣዳም/ሄዋን ዝበጽሑ ደኣንበር ንህጻናትን ቆልዑትንሲ ጽንጽያ ዓይኖም ዘንፈረሎም ኣይነበረን እንተተባህለ ምግናን ኣየስምዕን። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ ውድባት ኤርትራ ኣብቲ ሓራ ዘውጸኣኦ ቦታታተን ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ቆልዑት ኣብ ናይ ትምህርቲ መኣዲ የሳትፉ ምንባረን ግሁድ ሓቂ ኢዩ። ተሓኤ ኣብ ሓራ ገጠራት ኤርትራ ካብ ምጥፋኣ መሃይምነት ክሳብ ብዉሑዱ ናይ ሓሙሻይ ክፍሊ ስሩዕ ትምህርቲ ትህብ ምንባራ፥ ከምኡ ውን ካብ ጸላኢ ምስ ስድራቤቶም ዝሃደሙ ቆልዑ ኣብ መደበራት ተሓድሶ፥ ቤት ትምህርቲ ጽባሕ ኣዕቍባ ትምህር ምንባራ፥ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ውን እንተኾነ ኣብ ሰለሙና "ቤት ትምህርቲ ሰውራ" ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ቆልዑ ትምህር ምንባራ ሰነዳዊ ሓቂ ኢዩ።

ካብዚ ሓሊፉ ኣብቲ ውድባት ኤርትራ ካብ 90% ንላዕሊ መሬት ኤርትራ ሓራ ዝገበራሉን "ነጻነት መጸት መጸት...!" ዝበሃለሉ ዝነበረ እዋን (1976/77) ብዙሓት መንእሰያት ብረት ዓጢቖም ኣብቲ ውሳኒ ናይ ሓርነት ውግእ ክሳተፉ ናብ ሜዳ ኣብ ዝወሓዙሉ ከምኡ ውን ሃገራዊ ስምዒታት ኣብቶም ዕሸላት ቆልዑት ከይተረፈ ፋሕፋሕ ኣብ ዝበለሉ ኣብ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ብ"ቀያሕቲ ዕንበባታት"፥ ኣብ ተ.ሓ.ኤ ድማ ብ"ጽባሕ" (ሓሓሊፉ ብኾኾብ ጽባሕ) ዝፍለጡ ምልመላ ኣብ ሓራ ከተማታትን ገጠራትን ከምኡ'ውን ኣብ ከተማታት ሱዳን ተበጊሱ።
ኣብ 2 ሚያዝያ 1977 ማሕበር ዲሞክራስያዊ መንእሰይ ኤርትራ(ማዲመኤ) ኣብ ትሕቲ ጽላል ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ዝቖመሉ፥ እዚ ማሕበር'ዚ ብኡንብኡ ኣብ ሜዳ ኣብ ማከላይ መደበሩ ቤት ትምህርቲ ጽባሕ መስሪቱ። ዕላማን መርሖን ናይዚ ቤት ትምህርቲ'ዚ "...ሃገር ብኣግኡ ነጻ እንተወጸ ኣብ ዳግመ ህንጻ ሓዳስ ኤርትራ ምዕቡል ግዲኦም ዘበርክቱ፥ እቲ ቃልሲ እንተተናወሐ ድማ ምግዳል ብረት ሒዝካ ጥራይ ኣይኮነን እሞ ኣብቲ ዝያዳ ከፍርዩሉ ዝኽእሉ ዓውደ መዳያት ናይ ቃልሲ ዘሳትፎም ትምህርቲን ሰውራዊ ምልመላን ክካየደሎም" ዝብል ኢዩ ነይሩ።
ቤት ትምህርቲ ጽባሕ ዋላ'ኳ ብዓቐን ካብ ቤ/ት ሰውራ ዝነኣሰ ይኹን እንበር ካብ መላእ ኤርትራ (ካብ ደንከልያ ክሳብ ባርካ) ካብ ኩሉ ጸፍሕታት ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝተዋጽኡ ዝተፈላለየ ቋንቋ፥ ናይ ዝተፈላለየ ባህልን ልምድን ሃይማኖትን መሰረት ዘለዎም ብቑጽሪ ክሳብ 1500 ተመሃሮ ከም ሓደ ስድራቤት ጠርኒፉ ካብ ምጥፋእ መሃይምነት ክሳብ 7ይ

ክፍሊ ስሩዕ ትምህርቲ ኣበርኪቱ፡፡ ብዘይካዚ እቶም ብትምህርቲ ኣዝዮም ዝነፍዑ ተመሃሮ ኣብ ክንዲ ናብ ዓውደ ውግእ፡ ናብ ከሰላ-ሱዳን ብምልኣኽ ኣብ ብሕቡራት ሃገራት UNESCO ዝሕገዝ ቤት ትምህርቲ ኣትዮም ክሳብ ናይ ካልኣይ ደረጃ መልቀቒ ፈተና ዝተሳተፉን ናብ ዝለዓለ ናይ ትምህርቲ ትካላት ኣትዮም ብሉጻት ዜጋታት ክኾኑ ዝበቕዑ ውሑዳት ኣይኮኑን። ብዙሓት ካልኦት ድማ ከከም ስምዕታቶምን ተውህቦታቶምን ኣብ ሜዳ ናይ ዝተፈላለዩ ኢደ-ጥበባዊ ስራሓት ከም ጽርበት፡ ምዕራይ መካይን፡ ሙዚቃ፡ ራድዮ ወዘተ ትምህርቲ ተዋሂብዎም ብኡ መሰረት ኣብ ዘፍርዩሉ ቦታታት ተመዲቦም ተቓሊሶም፡፡ እዚ ቤት ትምህርቲ'ዚ እንበኣር ብትሕዝትኡ ኣርኣያ፡ ወይ ሞዴል ኣብ ምሉእ ኤርትራ ኢዩ ነይሩ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን፡፡ ኣብ'ዚ ቤት ትምህርቲ'ዚ  ይትረፍዶ ከምቲ ሰናይት እትብሎ ቆልዑት ብረት ክሕዙስ 90% ዝኾኑ ካብ መማህራን ናይዚ ቤት ትምህርቲ መሰረታዊ ወተሃደራዊ ታዕሊም ከይተዋህቦም ቀጥታ ናይ ምምህርና መደብ ዝተዋህቦም ኢዮም ዝነበሩ፡፡

ብ1980/81 ውግእ ሓድሕድ ኣብ መንጎ ተ.ሓ.ኤ.ን ህ.ግ.ሓ.ኤን ኣብ ዝተኻየደሉ፡ ዋላኳ ንተሓኤ መሪርን ጽዕጹዕን ጥራይ ዘይኮነስ ከም ውድብ መጠን ናይ ሞትን ሕየትን ሕቶ ብምንባሩ ኩሉ ዓቕምታት ናብ ቅድመ-ግንባር ብዝብል መርሐ ካድራት ናይ ሓፋሽ ውድባት ደኹኑ ኣባላት ዝተፈላለዩ ቤትጽሕፈታት ናብ ቅድመ-ግንባር ከምርሑ ስነሞገታዊ ጉዳይ እንተነበረ ካብ መማህራን ናይ ቤት ትምህርቲ ጽባሕ ግና ዋላ ሓደ'ውን ናብ ምክልኻል ኣይተዋፈረን፡፡ ስለ'ዚ'ውን እቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ትሕቲ ዝጸንከረ ኩነታት ናይ ውግእ መደባቱ ብዘይምቁራጽ ኣሰላሲሉ፡፡ ተሓኤ ተደፊኣ ናብ ሱዳን ኣብ ዝኣተወትሉ'ውን እንተኾነ ዋላ'ኳ በቲ ዝተረኽበ ውሽጣዊ ቅልውላዋት ምኽንያት ከም ሰቦም ብዙሓት ኣባላት ጽባሕ በብግዚኡ ናብ ከተማታት ሱዳን ይኣትዉ እንተነበሩ፡ እቲ ቤት ትምህርትስ ኣብ ኮሮኮን'ውን ክሳብቲ ናይ ራሳይ ተረኽቦ ዘጋጥምን ተሓኤ ኣብ ኣደዳ ምፍንጫላት ትወድቕን ብስሩዕ ናይ ትምህርቲ መደባቱ የካይድ ነይሩ፡፡

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ብኣንጻር'ቲ ሰናይት ዝጸሓፈቶ ናይ ሓሶት ጽውጽዋይ ዝኾነ ናይ ራዕዲ ዛንታ፡ ኣብ ምሉእ ታሪኽ ናይቲ ቤት ትምህርቲ 7 ተመሃሮ ኢዮም ተሰዊኦም፡፡ ካብዚኦም እቶም 3 ብደብዳብ ናይ ነፋሪት (ብ5 ጉንበት 1978 ኣብ ተሰነይ) 1 ብናይ ጸሓይ ወቕዒ colpo di sole ( ኣብ ላኮየብ፡ ክፍላ ጉንበት 1979) 1 ብሕማም (እንዳየብ ሩባ ባርካ፡ መስከረም 1980) 1 ብሓደጋ ናይ ውሕጅ (ኮሮኮን፡ ነሓሰ 1981) 1 ብሓደጋ ናይ መኪና (ታህዳይ ነሓሰ 1982)፡፡

እዚ ርኹስ ዝኾነ ናይ ጸለመ መጽሓፍ እንበኣር ንታሪኽ ናይ ኤርትራ ቀንጺሉ ንውሉድ ወለዶና ዘነውርን ዘኽፍእን ዘመራስሕን፡ ንሃገራዊ ሓበንና ዘህስስን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ሎሚ ኮነ ጽባሕ፡ ኤርትራ ትበሃል ከም ሃገር ክትቀውም ብቕዓት ከምዘይብላ ንምእማት ዝዓለመ'ውን ኢዩ፡፡

ደረሲት ናይ'ዚ መጽሓፍ'ዚ ዝኾነት ሰናይት፡ ዝበልዓትሉ ጻሕሊ እትሰብር ፡ ንዘኾለሳኣ ኣእዳው ኣትነክስ ብገዛእ ፍቓዳ መንነታ ዝሸድዐትን ንውርደት ኣሕሊፋ ንኻልኦት ዝሃበትን'ያ። እቶም ሎሚ  ናይ ገንዘብ ስሰዐን ናይ ዝና ህርፋንን ናይ ሰናይት ኣስተብሂሎም ንጽውጽዋይ ዝኾነ ዛንታኣ ሓሶት ምዃኑ እናፈለጡ፡ ተቐቢሎም፡ ናቶም'ውን ወሲኾምን ኣቃሚሞምን ኣብ መጽሓፍ ዝጸሓፉን ሕጂ'ውን ብፊልም ክቕረጽ ዝሰርሑ ዘለዉ፡ ዕላምኦም ንፈልጦ ኢና፡፡ ሎሚ ሰሚርና ብዕቱብነት፡ ብሕግን ብፖለቲካን እንተዘይመኪትናዮም ድማ ጽባሕ ንግሆ ፈለግ ናይ ሰናይት ተኸቲሎም ወይ ተኸቲለን ዝስዕባ ካልኦት "ሰናይታት" ፈጢሮም ታሪኽና ዘመራስሕ ዛንታታት ምሂዞም ናይ ሓሶት ጽውጽዋይ ብምቕራብ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን ጓህሪ ኽንስንሱ ዝዓግቶም ኣይክህሉን ኢዩ፡፡

እሞ ንሕና ኣናብስ መዓስ ይበኣሱ፡ ኣዛብእ ኣባሪሮም ምስተመልሱ ዝብል መርሐ ተኸቲልና ኪኖ ፖለቲካዊ ፍልልያትና ኻኽብሪ ናይቶም ካብ 100 ሽሕ ንላዕሊ ዝኾኑ ኣብ ቃልሲ ናይ ነጻነት ዝተሰውኡ/ዝተሰወኣ ኣሕዋትና/ኣሓትና፡ ኣያታትና/ኣብሻታትና፡ ኣቦታትና/ኣዴታትና፡ ብጾትናን ኣዕሩኽትናን ንሰናይት ከነቃልዓን ንዝፈጸመቶ ገበን ተሓታቲት ክንገብራን ተበጊስና ኣሎና፡፡ ታሪኽ ናይ ኤርትራን ክቡር ባህልታት ህዝብታታን ብከም ሰናይት ዝኣመሰላ ዕ

ሱባትን ናይ ጠቕሚ ግዙኣትን ብሓሶት ክጽለምን ክመራሳሕን እናረኣየ ቀሲኑ ዝሓድር ኤርትራዊ ወይ ኤርትራዊት ኣሎ ኢልና ስለ ዘይንግምት ድማ ንተበግሶና ኩሉ ኤርትራዊ ኣበይ ኣሎ ብዘየገድስ ክጽንበሮን ኩሉ ሽነኻዊ ደገፋትን ምትብባዕን ክገብርን ንትስፎ፡፡

ሰናይት ንዓና፥ ንዝነኣስና ሓፍትና ንዝዓበና ድማ ጓልና ኢያ። ስለ'ዚ ድማ ንሕና ምስ'ቲ ንቑንጣሮ ኦይሮ ክትብል ሽይጣቶ ዘላ ሓሶታት'ዩ ግጥምና። ካብኡ ሓሊፉ ሰናይት እዚ መጽሓፍ'ዚ ንምሕታም ዝኸውን ዓቕሚ ከምዘይብላ'ውን ስለ እንፈልጥ፡ እንተደኣ ብጌጋኣ ተናሲሓ ንህዝቢ ኤርትራ ይቕረታ ሓቲታ ከም ሓፍትናን ጓልናን በቲ ካልእ ስነ ጥበባዊ ዓቕምታታ ንምምዕባል እትገብሮ ጻዕሪ ሕጉሳት ኢና።

ከይሞትናስ ኣይንቕበርን!

ብሓልዮት ህያው መሰኻኽር ጽባሕ
ኣወሃሃዲት ሽማግለ- ጀርመን